# ትእምርቲ ሳልሳይ ማሕተም
# ራእይ ምዕራፍ 6፡5-6

## መጋል ፈረስ - ጥሜትን ስኣንን

1. ሳልሳይ ማሕተም - 6፡5ሀ
    1.1. እቲ ማሕተም፡
    1.2. ምፍታሕ እቲ ማሕተም ናይ እንታይ ትእምርቲ እዩ?
    1.3. መን እዩ ነቲ ማሕተም ዚፈትሖ ዘሎ?
    1.4. ግደ ናይ እቲ ሳልሳይ ህያው (እንስሳ) ኣብ ምፍታሕ እቲ ማሕተም፡
2. ዮሃንስ ዝረኣዮ መጋል ፈረስን እተወጥተሖን ዝሰምዖን (6፡5ለ-6)
    2.1. ትእምርቲ መጋል ፈረስን እተወጥሖን፡
    2.2. ሚዛን ኣብ ኢድ እቲ እተወጥሖ፡
    2.3. ዮሃንስ ዝሰምዖ ዘሕዝን፡

### 1. ሳልሳይ ማሕተም

ኣብ ምፍታሕ ናይ እዚ ሳልሳይ ማሕተም ብፍልሚያ ተሓቢሮም ዘለዉ፡ ኣርባዕተ (1.1 - 1.4) ነጥብታት ኣብ 6፡5ሀ ዘለዉ ንመልከት።

1.1. እቲ ማሕተም።

እቲ ማሕተማት ትእምርቲ ናይ እቲ ድሕሪ ዕርገት ኣመንቲ፡ ድሕሪ እቲ ቀዳማይ ትንሳኤ ኣብ ምድሪ ኺፍጸሙ ዘለዎም ጉዳያት፡ ኣቐዲሙ ብትንቢት ኣምላኽ እተነግረ ዝሓዘ መዝገብ ኣምላኽ የመልክት። እቲ ዕማማቱ ድማ ኣብ ምዕራፍ ሓሙሽተ ናይ ራእይ ዮሃንስ ተጠርኒፉ ንረኽቦ።

1.2. ምፍታሕ እቲ ማሕተም።

ምፍታሕ ናይ እቲ ማሕተም ድማ ትእምርቲ ናይ ነቲ ትሕዝቶታት ናይ እቲ መጽሓፍ (ጉዳያቱ)፡ ምውዳዱ፡ ከም ዚፍጸምን ከይሰሓተ ዕላማታቱ ከም ዚወቅዕ፡ ምትግባሩ፡ ምቍጽጻሩ፡ ወዘተ፡ የመልክት። ትንቢታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብዘይ ምፍሻል ከም ዚፍጸም በቲ ትእምርትታት ናይ ምፍታሑ ተሓቢሩ ኣሎ።

1.3. ነቲ ማሕተም ዚፈትሕ ዘሎ ገንሸል።

መን እዩ ዚፈትሖ ዘሎ? መንነት ናይ ነቲ ማሕተማት ዚፈትሖ ዘሎ "ገንሸል" ተሰምዩ ኣሎ። መን እዩ? ገንሸል ተባሂሉ ተሰምዩ ዘሎኸ እንታይ የስምዕ? ስለምንታይከ እዩ በዚ መለዮ እዚ ንኽልለ ዝተሓበረ?

መልሲ ናይ እዚ ሕቶታት እዚ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝተዛተናሉ ምዕራፍ ሓሙሽተ ናይ ራእይ ዮሃንስ ብኸፊሉ ተኣሚቱ ኣሎ። "ገንሸል" ትእምርቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ናይ እቲ በጃ ምዃኑ ዘመልክት እዩ። እቲ በጃ ዝኾነ ንሱ ፈራዲ ኾይኑ ከም ዚምለስ ድማ ይሕብር።

1.4. ዕድመ ንዮሃንስ ብዛዕባ እቲ ማሕተም (6፡5ሀ

ነቲ ማሕተም ዚፈትሖ ዘሎ፡ እቲ ብገንሸል ተመሲሉ ዘሎ የሱስ ክርስቶስ እዩ። እቲ ማሕተም ኪፍታሕ ከሎ ንዮሃንስ ንዓ እሞ ርኤ ኢሉ ዝዕድም፡ ዘተባብዕ ዘሎ ድማ እቲ ሳልሳይ ካብቶም ኣርባዕተ ህያዋን ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተ ናይ ራእይ ዮሃንስ ጥቕሲ 6-8 ከምኡ ድማ ኣብ ምዕራፍ ሓሙሽተ ጥቕሲ 8-10 ተጠቒሶም ዘለዉ እዮም። እዚኦም፡ ኣብቲ ዝፋናዊ ጉዳያት ናይ ኣምላኽ ዝለኣኹ፡ ኣብቲ ዝፋን ኣምላኽ ኣዝዮም ቀረባ እዮም። እቲ ንዮሃንስ ብትእምርቲ እቲ መጋል ፈረስ ዝፍጸም ክስተብህል ንዓ እሞ ርኤ ኢሉ ዝኸሰተሉ ሓደ ካብዞም ኣርባዕተ እዚኣቶም እዩ።

### 2. ዮሃንስ ዝረኣዮ መጋል ፈረስን እተወጥሖን ዝሰምዖን (6፡5ለ - 6)

2.1. ከምቲ ዚሕብሮ እቲ ትእምርቲ መጋል ፈረስን እቲ እተወጥሖን ዘበን ጸረ ክርስቶስ ኰይኑ ከም ናይ ሰላም መንግስቲ መሲሉ ይፍልም (ራእይ 6፡1-2)። ግናኸ ተቐላጢፉ ዘበን ዓቢ ግናይ ውግእ ከም ዚኸውን ብትእምርቲ እቲ ሓመር ፈረስ (6፡3-4) ተኣሚቱ ንረኽቦ።

ውግእ ድማ ወትሩ ጥሜትን ስኣንን ከም ዘኸትል በዚ ሳልሳይ ትእምርቲ ናይ እዚ መጋል (ጸሊም) ፈረስን ተወጢሑዎ ዘሎን በቲ ምልክት ኣብ ኢዱ ዘሎ ሚዛንን - ሓዘንን ጥሜትን፡ ተመልኪቱ ኣሎ (6፡5-6)። መጋል ፈረስን ተወጢሑዎ ዘሎን ትእምርቲ ናይቲ ጸረ ክርስቶስን ስርዓቱን እዩ።

2.2. ሚዛን ኣብ ኢድ እቲ እተወጥሖ ዘበን ጸረ ክርስቶስ ሸቓዩ ዝሃደሞ ምምሕዳርን ሕብረተ ሰብን ኪኸውን እዩ።

እቲ ሚዛን ምልክት ናይ ሕሱም እዋን መዓቀኒ እዩ። እቲ ዚምዘን ዘሎ ኸኣ ከብድኻ እትመልኣሉ ተራ መግብታት ደኣ እምበር፡ ስርናይን ስገምን ብዘይ ጸብሒ ድኣ እምበር፡ እተጋይጸሉ ሸቓያት ኣይኰነን።

እቲ መምልእ ከብዲ፡ ተራ መግቢ ተሳኢኑ ብወረቐት መንነት (ተሰራ፡ ብሚዛን) ኪዕደል ከሎ፡ ብሃገራዊ ደረጃ፡ ምልክት ናይ ጥሜት እዩ (ኦሪት ዘለ 26፡20 ህዝ 4፡10ን 16ን 17ን ርአ)።

2.3. ዮሃንስ ዝሰምዖ ዜሕዝን፡ እቲ ክብሪ ዕዳጋ ሓደ ኮይኒክስ ስርናይ ብዲናር፡ ሰለስተ ኮይኒክስ ስገም ድማ ብዲናር ኢሉ ተሓቢሩ ኣሎ። ኮይኒክስ ናይ

ጐፍሮ መስፈር፡ ክልተ ሊትሮ ዝመስፈሩ፡ ዲናር ድማ ናይ ሓደ መዓልቲ ናይ ውዕለት ደሞዝ እዩ።

ሰብኣይ ስርሒ ውዒሉ ሓደ ኮይኒክስ ስርናይ ኺዕድገሉ ዚኽእል ገንዘብ፡ ሓደ ዲናር ይኽፈል ነይሩ። እዚ ድማ ምሉእ ምዓልቲ ኺሰርሕ ውዒሉስ፡ ንኽብዱ እትኽውን፡ ብዘይ መቛሰዪ ጸብሒ፡ እቶት ጥራይ እያ ነይራ ማለት እዩ። ሰበይቱን ደቁንከ?

ስርናይ እንተ ዘይዓደገ እቲ ሰራሕተኛ፡ ኽበዝሓለይ ኢሉ ስገም ኽዕድግ ይኽእል። ስገም ድማ ብቐዳሚነት ቀለብ ኣፍራስን ኣእዱግን - ቀለብ መጽዓኛታትን እዩ ነይሩ። ውግእ ወትሩ ስኣንን ጥሜትን እዩ ዘኸትል።

ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ዘለወን ዓቕምታት ናይ ፍርያማት ምኳን፡ ኣብ ዓለም ዋሕዲ መግቢ ይስኣን እዩ ኢልካ፡ በዚ ሎሚ ክትርእዮ ከሎኻ፡ ዘይሕሰብ ይመስል። እዚ ድማ ንርእሰን ኲይነንሲ ንዓለም ከይተረፈ ክቕልባሉ ዝኽእላ ዓቕምታትን እተኸዘነ መግብታት ከም ዘለወን ይንገር። ነቲ ዘለወን ሽሻይ ድማ ብምድሪ፡ ብባሕሪ፡ ብኣየር ናብቲ ጥሜት ዘለዎ ንኽጕዕዝኦ በብዓይነቶም ዓቕምታት ናይ መጐዓዝያ ዘለወን እየን። ምስናይ'ዚ ኹሉ ዘበን ጸረ ክርስቶስ ዘበን ጥሜት ኪኸውን እዩ።

ኩሉ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ካብተን ብጥሜት ኺጥቅዓ ይኽእላ እየን ዚብሃላ ሃገራት ክልተ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን እየን።

- ናይ ሕቡራት መንግስታት ክፍሊ መግብን ሕርሻን (UNFAO) ከም ዘመልከቶ፡ 53 ሃገራት ኣፍሪቃ ብሃንደበት ብጥሜት ኺጥቅዓ ዝኽእላ ሃገራት ተባሂለን ኣለዋ። ኣፍሪቃ፡ ዳርጋ ብምልእታ ብጥሜት ሀልቂት ሰብ ከይከውን እተፍርህ ክፍሊ ዓለም እያ።
- ብ1984፡ ብእዋን ደርጊ፡ ንጥሜት ከም መሳርያ ውግእ ኺጥቀመሉ ምስ ደለየ ዓለም ዋጭዋጭ ኢላ፤ ጥርዓን በዚሑ (መብዝሕትኡእቲ ጥሜት ኣብ ትግራይ እዩ ነይሩ)።
- ከምኡ'ውን ብጊዜ ወያነ ምጥፍእ ዘራእቲ ናይ ኤርትራ፡ ደይመደይ ኢልካ ዝተገብረ ተግባር ነይሩ።
- ኣብ ልዕሊ እዚ፡ ዓቕሚ ማሕረስ ዘድኪ ደርቂ ጥራይ ዘይኮነ ኣልሚሙ ማእቶት ንዘበርክቱ ሰባት'ውን ዜጥፍእ ሕማም ኤይድስ ድማ ኣሎ።

ኣብ 2003 የካቲት ኣብ ሃገር እንግሊዝ ዝተሓትመ ኤኮኖሚስት ዝስሙ መጽሄት፡ ኣብ 1932-34 ብሰሪ ናይ ስታሊን ዝገበሮ እገዳ መግቢ ንዩክረይን፡ ማዕረ 8 ሚልዮን ዝኾኑ ህዝቢ ብጥሜት ከም ዝተወድኡ ይንገር።

ከምኡ ድማ ኣብ 1958-60 ኣብ ቻይና፡ ማዕረ 20 ሚልዮን ዝኾኑ ህዝቢ ብጥሜት ሞይቶም። ከምኡ እውን ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት ጣራይ፡ ኣብ ሰሜን ኮርያ፡ ካብ 2 ሚልዮን ዝበዝሑ ሰባት ብጥሜት ሃሊቖም። ሰሜን ኮረያ ድማ ህዝባ ኽትቕልብ ዘይክኣለትሲ ናይ ኑክሊየር ቦምብ ትምህዝ ከም ዘላ እትጥርጠር ሃገር እያ።

ጥሜት ዝመጽእ ብፍጥረት፡ ብእገዳ፡ ብውግእ፡ ብሕማም ... ወዘተ እዩ።

ኣብ ወንጌል ማቴዋስ 24፡7 "ኣብ በቦታኡ ድማ ጥሜት ... ኪኸውን እዩ" ይብል። ብትንቢት ንለብም።

ይቕጽል